# Allemansrätten

*Information på tigrinja.*

## መሰል ኩሉ ሰብ ኣብ ሃገር ሽወደን

ኣብ ሃገር ሽወደን፡ ኩላትና ኣብ ግዳማዊ ፍጥረት ወጺእና ክናፈስ፣ ብሕታዊ መሬት ውን እንተኾነ፣ ይፍቀደልና እዩ። እዚ ድማ፣ መሰል ኩሉ ዜጋ ተባሂሉ ይግለጽ። እዚ ነጻነት'ዚ ብዙሕ ሓላፍነት ዘሰክመና መሰል ኮይኑ፣ ብሓጺሩ፡ 'ኣይተባላሾ' – 'ኣይትሃውኽ' ብዚብሉ ኣጠቓለልቲ ቃላት ኪግለጽ ይከኣል። ትሕት ኢሉ ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ፣ ሓጺር ሓበሬታ ብዛዕባ መሰል ኩሉ ሰብ ዚብል ኣርእስቲ ክትረክብ ኢኻ። ሰፊሕ ሓበሬታ ብዛዕባ መሰል ኩሉ ሰብ እዚ፣ ብቛንቋት ሽወደን፡ እንግሊዝ ከምኡውን ጀርመን ኣብ ኣድራሻ ኢንተርነት ሃገራዊ ቤተ ስልጣን ሓለዋ ፍጥረት www.naturvardsverket.se ክተንብብ ትኽእል ኢኻ። ንመሰል ኩሉ ሰብ ዚገልጽ፣ ብቐልል ዝበለ ቋንቋ ሽወደን ዝተጻሕፈ መግለጺ ውን ኣብኡ ኣሎ። ብቛንቋት ሽወደን፡ እንግሊዝ ከምኡውን ጀርመን ዝተጻሕፈ፣ ንመሰል ኩሉ ሰብ ዚገልጽ ኣጠቓላሊ ጽሑፍ ውን ትሓቲሙ ኣሎ።

## ብእግርኻ፣ ብቢሽክለታ ከምኡውን ኣብ እንስሳ ተወጢሕካ

ኣብ ግዳማዊ ፍጥረት፡ ብእግርኻ፡ ብቢሽክለታ ከምኡውን ኣብ እንስሳ ተወጢሕካ ክትዛወር ትኽእል ኢኻ። ሰብ ዝቕመጠሉ ግላዊ ደምበ፡ ኣትክልቲን ዘራእቲን ኣብ ዘለዎ ቦታታት ግን ክትዛወር ኣይፍቀድን እዩ። ግላዊ ቀጽሪ ዘለዎ ደምበ ማለት፣ ኣብ ጥቓ ሰብ ዚቕመጠሉ ገዛ ዘሎ መሬት ኮይኑ፣ እቶም ናይቲ ደምበ ተቐማጦ ንኽይህወኹ መሰሎም ሕልዊ እዩ። ብዝተሓጽረ እንስሳታት ዝበልዓሉ ሸኻ ምስ ትሓልፍ፣ ነቲ ደንደላ ወይ ማዕጾ፣ ሸጕርካዮ ክትከይድ ይግባእ። ንመዛዋሪ ኣብ ዝተዳለወ ልስሉስ መሬት ዘለዎ ቃራናታት ወይ ተነቃፊ መሬት ብቢሽክለታ ኣይትዛውር። ሰብ ብእግሮም ወይ ኣብ በረድ ዝጎዩሉ ቀጠንቲ መገዲ፣ ፈረስ ተወጢሕካ ኣይትኺድ።

## ብተሽከርከርቲ ኣብ ብሕታዊ ጽርግያታት

ኣብ ቦዱ ቦታታት ብመኪና ወይ ብዓበይቲ ቱግቱግ ወይ ንኣሽቱ ቱግቱግ ወይ ካልእ ናይ ሞተረ መጎዓዓዝያ ክትሓልፍ ክልኩል እዩ። ቦዱ ቦታ ማለት፡ ኩሉ ግዳማዊ ቦታታት፣ ቀጠንቲ መገድታት፡ መንቀሳቐሲ ቃራናታት፡ ናይ ገያሾ መገዲታት ዘጠቓልል እዩ። ኣብ ግዜ ክረምቲ ብናይ በረድ ማኪና ምንቅስቓስ ዝፍቀድ እኳ እንተኾነ፣ ኣብቲ ጫካ ዘሎ ኣግራብን፣ እቲ ኣብ ትሕቲ በረድ ዘሎ መሬትን ከምዘይትጎድኦ ርግጸኛ ምስ ትኸውን ጥራይ እዩ። ኣብ ገለ ገለ ቦታታት፣ ናይ በረድ ማኪና ክልኩል ዝኾነሉ መሬት ወይ ኣብቲ ንዕኡ ዝተዳለወሉ ቀጠንቲ መገዲ ጥራይ ክትዝውር ዚፍቀድ ኣሎ። ኣብ ብሕታዊ ጽርግያታት እንትኾነ ውን ብማኪና ንኸይትዝውር እጉድ ዝኾነ መገድታት ኣሎ። ከምዚ ዓይነት ጽርግያታት እጉድ ምዃኑ ዚሕብር፣ ናይ ትራፊክ ምልክት ኣለዎ። ኣብ ብሕታዊ ጽርግያታት ብቢሽክለታ ወይ ብእግሪ ክትመላለስ ግን ክልኩል ኣይኮነን።



## ቴንዳ ምትካልን፣ መደቀሲ ማኪና ምጽጋዕ

ኣብ ግዳማዊ ፍጥረት ወይ በረኻ፣ ንገለ መዓልታት ቴንዳኻ ክትተክል ይፍቀደልካ እዩ። ንንውሕ ዝበለ ግዜ ወይ ኣብ ጥቓ ሰብ ዝቕመጦ ቦታ ቴንዳ ክትተክል ግን ካብ ዋና መሬት ኣቓዲምካ ፍቓድ ክትሓትት ይግብኣካ። ኣብ ብሕታዊ ጽርግያታት መደቀሲ ዘለዋ መኪናኻ ቅድሚ ምቛምካ ወይ ምጽጋዕካ፣ ካብ ዋና መሬት ኣቓዲምካ ፍቓድ ክትሓትት የድልየካ። መደቀሲ ዘለዋ መኪናኻ ኣብ ልሙዕ ሻኻታት ወይ ቦዱ ቦታታት ወይ ገማግም ባሕሪ ወይ መናፈሻ ክተጸግዕ ወይ ክተቐውም ኣይፍቀድን እዩ።

## ማያት ኣብ ዘለዎ

ብጃልባኻ ጌርካ ክትጎዓዝ፡ መቐመጢ ገዛ ኣብ ዘይብሉ፡ ጃልባኻ ኣሲርካ ናብ ገምገም ባሕሪ ዘሎ መሬት ክትወርድ ከምኡውን ክትሕምብስ ይፍቀድ እዩ። ኣብ ገለ ገማግም ንሓለዋ ኣዕዋፍን ንሓለዋ ካልእ ፍጥረት ተባሂሉ ዝተሓዝአ ክልኩል ምዃኑ ምልክት ዝተገብረሉ ማያት ወይ ገማግም ባሕሪ ግን ክትጥቀመሉ ኣይፍቀድን እዩ።



NATUR VÅRDS VERKET

# Allemansrätten

## ዓሳ ምጽማድ

ኣብ ገማግም ማያት ከምኡ ውን ኣብተን ናይ ሸወደን ዓበይቲ ዝበሃላ 5 ባሕረታት ብኢድካ እትጥ ቀመሉ መሳርሒ ጌርካ ብነጻ ዓሳ ክተጽምድ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ካልእ ቀላያት ዓሳ ክትገፍፍ ምስ ትደሊ ግን መብዛሕትኡ ግዜ፣ ወረቐት ፍቓድ የድሊ እዩ። እዚ ዓሳ ናይ ምጽማድ ነጻነትዚ፣ ብሰኪ ዐት ወይ ካልእ ጥበባት ተጠቒምካ ምግፋፋ ከምኡውን ኣብ ገማግም ኖርላንድ ዝርከብ ናይ ላክስ ዓሳ ምጽማድ ኣየፍቅድን እዩ።

## ከልቢን ሃድንን

ውላድ እንስሳታትን መቐመጢኦምን እይትተንኪ። ንእንስሳታት በረኻ ክትህውኾምን ክትጎድኦምን ኣይፍቀድን እዩ። ዘይትኣስረ ከልቢ ሒዝካ ኣብቲ እንስሳታት ውላዶም ዘፋርዩሉ ግዜ፣ ካብ 1 መጋቢት ክሳዕ 20 ነሓሰ ዘሎ እዋን፣ ናብ በረኻ ክትወጽእ ኣይፍቀድን እዩ። ኣብ ካልእ ግዜ ውን እንተኾነ ኣኽላባት ኣብ በረኻ ብጥንቃቐ ክትቆጻጸሮም የድሊ። ኣብ ብዙሕ መናፈሻ ቦታታትን ኣብ ደሴታት ሸርጎርድን፣ ከም ልሙድ፥ ኣኽላባት ትኣሲሮም እዮም ዝዛወሩ።

## ባርዕ ሓዊ

ኣብ ግዜ ሓጋይ መብዛሕትኡ ግዜ ሓዊ ምእጊድ ክልኩል እዩ። ኣብቲ ክልኩል ዝኾነሉ ግዜ፣ ዋላ ኣብቲ ዝተመደበ ቦታ ውን እንተኾነ ኣብ ክፉት ባይታ ሓዊ ኣይእጎድን እዩ። ኣብ ካልእ ግዜ ብርቱዕ ጥንቃቐ ብምግባር ሓዊ ክትኣጉድ ይክኣል እዩ። ምስ ወዳእካ ብጌቡእ ነቲ ሓዊ ኣጥፍኣዮ! ኣብ ኣኻውሕ ሓዊ ኣይትእጎድ – መታን ነቒዑ ከይፈራርስ።

## ቃንጥሻን መዓረምጨን ዕንባባታት መሮርን

ቃንጥሻን መዓረምጨን ብዘይካ እቶም ንኽይጸንቱ ተባሂሎም ብሕጊ ዝተወሰነሎም ዕንባባታት መሮርን ገዲፍካ ዝኾነ ክትኣሪ ይፍቀድ እዩ። ፍቓድ ከይረኸብካ ገረብ ወይ ቆጥቋጥ ክትጎንእ፣ ጨናፍር ወይ ጨብጫብ ወይ ብቆሊ ገረብ ክትሰልዕ ወይ ብዝኾነ ካልእ ኣገባብ ክትጎድእ፣ ክልኩል እዩ።

## ርስሓት ምጽርራይ

ኣብ በረኻ ወይ ካብ ቤት ወጻኢ ርስሓት ክትድርቢ ክልኩል እዩ። ዝተሰብረ ጠራሙዝ፥ ታኒካታት፥ ዝኾነ ዓይነት ፕላስቲክ፣ ዓሳ መጽመዲ ገመድ ዝኣመሰለ ርስሓት የባላሹን፥ ሓጎስ ባህርያዊ ፍጥረት ዘጉድልን ብምኻኑ እዩ። ብተወሳኺ ንእንስሳን ንሰብን ውን ክጎድእ ስለ ዝኽእል እዩ።

## ዝተሓዝአ ቦታታት

ብሕጊ ንዝተሓዝኡ መናፈሻታት፥ ንዝተዓቀቡ ቦታታት፣ ካብዚ ናይ ኩሉ ሰብ መሰል ተባሂሉ ተገሊጹ ዘሎ ነጻነት፣ ካልእ ዝተፈልየ ስርዓት እዩ ዘለዎ። ኣብ ገለ ናይ ነጻ ግዜ መናፈሲ ቦታታት፣ ከከም ኣከባቢኡ፣ ናናቱ መምርሒ ኣለዎ። እዚ ስእሊ እዚ ሕዙእ ቦታታት ምኻኑ ዚሕብር ምልክት እዩ።



## ተወሳኺ ሓበሬታ

ብዛዕ ዘገልግሉ ሕጊታታን ኣገባባትን ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ትደሊ፣ ብቐዳምነት ምስ ኮሙንካ ርከብ ግበር።

NATURVÅRDSVERKET
ISBN: 978-91-620-8676-3